
# ኮሮና

## ክታበት ኮሮና ቫይረስ መን ክወስድ ኣለዎ፧



- ዕድሚኡ 75 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ኵሉ ሰብ
- ብቐሊሉ ክሓምሙ ኣብ ዝኽእሉ ጕጅለ ዝምደቡ ካብ 18-74 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን ዓበይትን
- ካብ 65-74 ዓመት ዝዕድሚኦም ጥዑያት ሰባት እውን እንተ ደልዮም፡ ክታበት ኮሮና ብዝነከየ ዋጋ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም

እዚ ንዓኻ ወይ ንውላድካ ዝምልከት ምኺኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

## ክታበት ኮሮና ብኸመይ ይሰርሕ፧

- እቲ ክታበት፡ ንኣካላትና ካብ ኮሮና ቫይረስ ክከላኸል ይምህሮ።
- እቲ ክታበት ኣብ ቅልጽም ብመርፍእ ይወሃብ።
  ምስ ክታበት ኢንፍሉዌንዛን ኒሞኮካልን ኣብ ሓደ እዋን ክውሰድ ይከኣል እዩ።
- እቲ ክታበት ክሰርሕ ክሳዕ ዝጅምር ካብ 1-2 ሰሙን ይወስድ።

## ድሕሪ ክታበት እንታይ ይኸውን፧

- ብዙሓት ሰባት ኣብቲ መርፍእ እተወግኣሉ ቦታ ገለ ቃንዛ የጋጥሞም፡ ቊሩብ ክቐይሕን ክሓብጥን ከኣ ይኽእል እዩ።
- ገለ ሰባት ከኣ ረስኒ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ቁሩብ ናይ ሕማም ወይ ናይ ድኻም ስምዒት ይስምዖም። እዚ ድሕሪ ቊሩብ መዓልታት ባዕሉ ይጠፍእ እዩ።
- ድሕሪ ክታበት ብዛዕባ ዘጋጥመካ ምልክታት ርግጸኛታት እንተ ዘይኰንካ፡ ምስ ሓኪምካ ተዛራረብ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፡-
fhi.no/voksenvaksinasjon